## ምዕራብ ሲያትል ላዕለዋይ ድልድልን ኮቪድ 19ን መልሲ

ካብቶም ናይ ሓጋይ ወርሕታት ሓሊፉ፣ ከመይ ተጎዓዝቲ ኣብ ውሽጥን ከባቢን ምዕራብ ሲያትል (West Seattle) ከምኡ'ውንDuwamish Valley ኣብ 2020 ብዝሓሸ ውፅኢት ተለዊጡ እዩ። ኣብዞም መፃእቲ ሒደት ዓመታት፣ ሰባት ካብን ናብን እቲ ክልል ዝጓዓዙ እቲ ምጭንናቕ ተፅዕኖ ክፈጥረሎም እዩ። ዘውሓስናዮም}ምዕራብ ሲያትል ድልድል መዞሪ መንገድታትን ኩሎም ኣብ ሕዚ ሰዓት በረድ ከምዝኾኑን ናይ በረድ ፅርግያ ከምዝኾኑን ኣረጋጊፅና ኢና። ኣብዚ ከቢድ ግዜ'ዚ ሰባትን ኣቑሑን ምንቅስቓስ ንክቕፅሉ ንስኹምውን ብከምዚ ዝስዕብ ክትሕግዙ ትኽእሉ ኢኹም :

1. ኣብ መዞሪ መንገዲ ብዙሕ ትራፊክ ከምዘሎ ትፅቢት ምግባርን ምትላምን።
2. ናብ መብጽሒኻ ንምብፃሕ ንባዕልኻ ተወሳኺ ግዜ ምሃብ።
3. ሓድሽ ናይ መጎዓዚ መንገዲ (ኣማራጺ) ምፍታን፣ ከም እግሪ ጉዕዞ፣ ሳይክል፣ወይ ባስ ምጥቃም።
4. በይንኻ ኣብ መኪና ምጉዓዝ ምውጋድ፣ ዝከኣል ተኾይኑ። ንሓቢሮም ተጉዓዝቲ ለዋህን ትዕግስተኛን ምኳንን ንቲ ትጥቀመሉ ፅርግያ ጥቓ ዝነብሩ ጎረባብቲ ኣብ ግምት ምእታው።

ኩሎም ናይ ኮቪድ-19 መፈተንቲ (መመርመሪ ነቑጣታት) ቦታታት እውን ኣብ ናይ ሓጋይ ኩነታት ኣየር ፕላን ምኳኖም ኣረጋጊፅና ኢና። ከምኡውን፣ ብዙሕ ነቑጣታት ብዝተወሰኹን ቦታታት ብዝተቐየሩን ቁፅሪ ንሕናውን ንኡ ብዝጥዕም መሰረት ክነመዓራሪ ንኽእል ኢና!

## ብደሓን ይፅንሑ– ግድን እንተዘይኮይኑ መኪና ኣይግንሑ (ኣይትዘዉሩ)።

ንሕና ንሰርሕ ምስ ኪንግ ካውንቲ ሜትሮ (King County Metro) ናይ ኣውቶቡስ መንገድታት ብዝተኽኣለ መጠን ካብ በረዳት ፅሩይ ንምግባርን ሰባት ብኣውቶቡስ ኣብቲ ከተማ ክንቀሳቐሱ ክኽእሉ ንምርግጋፅ ኩሉ መሳርሒ ብምጥቃም ንሰርሕ።

እንድሕር ናይ ግድን መኪና ምግናሕ ኣድሊኩም፣ በይዛኹም ተወሳኺ ጥንቃቐ ይውሰዱን ኩሎም ናይ ዝተዓፀወ ጎደና (Street Closed) ምልክታት የተግብሩን። እንድሕር እቲ ጎደና ተዓፅዩ፣ ብመኪና ጉዕዞ ምቕጻል ድሕንነት ዘለዎ ኣይኮነን ማለት እዩ። ምንም ሓደጋ ክትሪኡ እንተዘይክኢልኩም፣ ፀሊም በረድወይ ድማ ካብ ርእይቶኹም ዝረሓቐ ኣሸጋሪ ቦታ ክህሉ ይኽእል ኢዩ።

ግዜ ወሲድኩም ነንባዕልኹም ተሓላለዉ። በረድ ዝሓርሳ መኻይን ንምሕላፍ ኣይትፈትኑ። ከምኡ'ውን ብእግሮምን ሳይክልን ዝጎዓዙ ሰባት ተወሳኺ ቱኽረት ሃቡ።

መኪኖኦም ብሰንሰለት ወይ ካልእ መጉተቲ መሳርሒ ንሓጋይ ኩነት ኣየር ምልባስ ሓላፍነቶም ምኳኑ የስታውሱ።

**ንዝበለፀ ሓበሬታ**
ሲያትል ናይ ትራንስፖርት ዲፓርትመንት (Seattle Department of Transportation)
www.seattle.gov/transportation/winter-weather

**ኣጠቓላሊ ሓበሬታ**
https://takewinterbystorm.org/king-county/

2020-2021

# ሓጋይ ኩነታት ኣየር



Seattle Department of Transportation

TIGRINYA

## ትልምታትና  ንናይ ሓጋይ ማዕበላት

ኣብ Seattle፣ ሓጋይ ከቢድ ዝናብ፣ ዓበይቲ ንፋሳት፣በረድን ከምፅእ ይኽእል እዩ። ሲያትል ናይ ትራንስፖርት ዲፓርትመንት (Seattle Department of Transportation) SDOT ኩነታት ይቆፃፀርን ማዕበላት ዘይቀርዩ ክኾኑ እንተለዉ ድማ ንስኹም ብድሕንነት ክትፀንሑ ኩነታት ይቆጻጸር።

- ናትና መሳርሕቲ ናይ ኩነታት ኣየር ሪፖርታት 24 ሰዓት ኣብ መዓልቲ ይከታተል፣ ዓመት ምሉእ፣ ኣብ ቀጥታ መስመር ምስ ሃገራዊ ኩነታት ኣየር ኣገልግሎትን (National Weather Service) ቀጥታ ዶፕለር ራዳር ሓበሬታ ይህብ።
- ናይ ትንበያ መሳርሒ ንጥቀም ብዋሺንግተን ዩኒቨርሲቲ ዝተሰርሐ (University of Washington) ሽሙ SNOWWATCH ንምርዳእ ከመይ ማዕበል ብተመሳሳሊ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ተፅዕኖ ከምዘሕድር። እዚ ሓበሬታ እቶም ሰራሕትኛታትና መጀመርታ ኣበይ ክርከቡ ከምዘለዎም ንምጥቋም (ንምሕባር) ይሕግዝ።
- ዳህሰስቲ ምድረገፅን ኮምፒተራይዝድ ዳህሰስትን ኣብ ድልድላት ከተማ ዝርከቡ ግዚኡ ዝሓለወን ትኽክለኛን ናይ ኣየርን ናይ መስመር መንገዲ መጠን ሙቐት የረጋግፁ።
- ተመሳሳሊ ሰዓት፣ ቀጥታ ስርጭት ካሜራታትን ትኽክለኛ ኩነታት ኣብ ቁልፊ (ቀንዲ) ጎደናታት ንምርኣይ ንጥቀመሎም። እቶም ናይ ካሜራ ርእዮታት ኣብ ድሕረ ገፅና ክምልከትዎ ይኽእሉ ፤ www.seattle.gov/travelers.

## ዕላማና ሲያትል ብድሕንነት ምንቅስቓሳ ንክትቕፅል ምግባር እዩ

- ኣብ እዋን ሓያል ማዕበል፣ ሰራሕተኛታትና 24/7 ይሰርሑ እቲ ናይታ ከተማ ወሰንቲ ፅርግያታት ንባሳትን ንግልጋሎት ሓደጋ ግዜን ይፀርጉ።
- ቅድሚ እቲ በረድ ምዝናብ ምጅማሩ፣ እቶም ሰራሕተኛታት ቅድመ ክትትል ብምግባር እቶም ቁልፊ ፅርግያታትን ድልድላትን ብፀረ በረድ ብምጥቃም በረድ ከይሰርሑ ይከላኸሉ።
- ሓደ ግዜ በረድ ምዝናብ ምስጀመረ፣ እቶም ስራሕተኛታት ብቐፃልነት መንገድታቶም ሓሪሶም ኣብቲ ዝድለ ቦታ በረድ ዝዘንበሉ ጨው ይገብሩሉ።
- ኣከባቢ 1200 ማይልስ መንገዲ ናይ ዓበይቲ ፅርግያታት ኣብ ሲያትል ኣለዉ። ድሕሪ ምእታው ማዕበል እዚ ምሉእ መሬት ንምፅራግ ክሳብ 12 ሰዓታት ክወስድ ይኽእል እዩ።
- ዓለም ለኻዊ ቦታ ኣተሓሕዛ ስርዓት (Global Positioning System) GPS ናይቶም ማሕረሻታትን ናይ ጽዕነት መኻይንን ኣድራሻ የመልክት። ኣብ ድሕረ-ገፅና ዘሎ ካርታ ኣብ ቀረባ እዋን ሓደ ጎደና ከምእተጸርገ የርኢ  እዩ፡ www.seattle.gov/StormResponseMap

## ኩሉ ዓመት ሙሉእ ንበረድ ንዘጋጀው

እዚ ማለት መሳርሕትና ኣብ እዋን ትንበያ ዓበይቲ ንፉስ፣ ከበድቲ ዝናብ ወይ ድማ ኣብ እዋን ዝናብ በረድ  ናብ ስራሕ ንምኻድ ድሉዋት እዮም። እዚ ማለት ሰራሕትና ኣብ እዋን ዓበይቲ ንፋስ፣ ከበድቲ ዝናብ ወይ ድማ ኣብ እዋን ዝናብ በረድ ትንበያ ናብ ስራሕ ንምኻድ ድሉዋት እዮም። ስራሕቶም እቶም ፅርግያታት ካብ ኩሉ ነገር ፅሩይ ንክኾኑ እዩ ማለት እውን ካብ ዝወደቑ ኦማትን ጉንድታትን ክሳብ ዝናብን በረድን ምስትኽኻል ምልክታትን ሲግናላትን።  እቶም ኣቕርቦታትና ከም ጨውን ፈሳሲ ፀረ በረድን እውን ከምዝተኣከቡ ነረጋግፅ።

## ብሳይክል ጉዕዞ ኣብ በረድ

- በረድ እንትዘንብ ሰባት ብሳይክል ንክጎዓዓዙ ንምሕጋዝ እንዳሰራሕና ንርከብ። ዝተሓለዉ ሳይክል መንገዲታት ንምፅራግን ንምቁፅፃርን ጋንታ መዲብና ኢና።
- ናይ ሞተርሳይክል መንገድታት ንምፅራግ ግዜ ይወስድ እዩ። ቀልጣፋ ንምግባር ናይ ሳይክል መንገድታት ዝፅረጉ ድሕሪ እቲ ኣብ ጥቓኡ ዘሎ ፅርግያ ምሕራሱ እዩ።እዙይ እውን ብዙሕ በረድ ናብ መንገዲ ሳይክል ከይኣትው ንምውጋድ እዩ።
- ኣብ በረድ ሳይክል ንምጥቃም እንድሕር ወሲኖም በይዝኦም ንቲ ኩነት ኣየር ዝኸውን ኣከዳድና ምስ ዘንፀባርቕ ክዳን፣ መብራህትን ሄልመትን ይግበሩ
- ኩነታት ፅርግያ ኣብ ዝኾነ ሰዓት ክልወጡ ይኽእሉ እዮም፣ ስለዚ ርግዕ ኢሎም ይዘውሩ፣ ጥንቃቀ ይጠቐሙ፣ ገናሕቲ መኪና ጠጠው ንምባል ግዜ ክወስዶም ከምዝኽእል የስታውሱን ዘይልሙድ ኩነታት መንገዲ ከምዘሎ ልቢ ይበሉን።

## ናይ እግረኛ መንገዲ ግልፂ ንምግባር ግደኦም ይፃወቱ

- ኩልና ኣብዚ ብሓባር ኢና ዘለናን ኩሉሰብ ድማ ኣብ ጥቓ ገዝኦምን ስርሖምን ዝርከብ ናይ እግረኛ መንገዲ ኣብ እዋን ማዕበል በረድ ናይ ምፅራግ ሓላፍነት ኣለዎ።
- ልዕሊ 2400 ማይልስ ዝኾኑ ናይ እግረኛ መንገዲ ኣብ ሲያትል ኣለዉ፣ ከምኡ'ውን ኣገልግሎት መጉዓዚያ ሲያትል (SDOT)ሰራሕተኛታት ብሓደ ግዜ ኣብ ኩሉ ቦታ ክኾኑ ኣይኽእሉን ኢዮም። ግደኹም ትክትፃወቱ ኣባኹም ተኣማሚንና ንሕና ኣብ ጥቓ ብግሊ ዘይውነኑ ህንፃታት ዝርከቡ መንገዲ እግረኛ ኣብ ምፅራግ ትኹረት ንገብርን እቶም ናይታ ከተማ ወሰንቲ ፅርግያታት ነፅርን።
- ኣብ ደገ ኣፍ ገዛን ስራሕን ዝርከብ መንገዲ እግረኛ ምፅራግ ሕጊ ጥራሕ ኣይኮነን፣ እቲ ትኽክለኛ ነገር ምግባር እውን እዩ ስለዚ ኣብ እዋን ማዕበል በረድ ኩሉ ሰብ ብድሕንነቱ ዝሓለወ ኣገባብ ክጎዓዝ ይኽእል፣ ብፍላይ ምርኣይ ዝተስኣኖም ሰባት፣ ኣካል ጉድኣት፣ ወይ ድማ ንምንቅስቓስ ዝኸብዶም ሰባት።
- ቅድሚ እቲ ማዕበል ምስ ጎረባብትኹም ተዘራረቡ፣ መን ካብ ከባቢኹም ሓገዝ ከምዘድልዮ። ኩላኹም ብሓባር ብምስራሕ ነንባዕልኹም ተሓጋገዙ፣ ኩሎም ኣብ ብሎክኩም ዝርከቡ መንገዲ ፅሩያት ንክኾኑ ዝገበር ትልሚ ክነውፅእ ኢና ምእንቲ ኩሉሰብ ብደሓን ክንቀሳቐስ ንክኽእል።

**ከመይ ከምንዳለው:**

- ቅድሚ እቲ ማዕበል ምውቅዑ ኣክቡ። ናይ በረድ ኣካፋ (ባዴላ)  ፣ ናይ ጎደና ጨው፣ ምዉቕ ክዳውንቲ፣ ተወሰኽቲ ኮቦርታ፣ ላምባዲናታት፣ ናይ ቀዳማይ ደረጃ ሕክምና መሳርሒ፣ ንሰለስተ መዓልቲ ዝኸውን መግቢ፣ ማይ፣ ከምኡ'ውን መድሓኒት ንመላእ ቤተሰብ የድሊ ኢዩ።
- ቅድሚ ምብራዱ ጨው እምኒ ይርጨዉ (ወይ ካልእ ኣብ ከባቢኦም ዝርከብ ዘይጓዳእ ምህርቲ) ካብ ምስረታ በረድ ንምክልኻል።
- ሓደ ግዜ በረድ ምዝናብ ምስጀመረ፣ በቢ 12 ሰዓት እቲ መንገዲ እግረኛ ይፅረግዎ፣ እቲ ልስሉስ በረድ ናብ ደረቕ በረድ ቅድሚ ምቕያሩ። ተተኻኢሉ፣ ፅቡቕ ጎረቤት ብምዃን ዝኾነ መተንፈሲ ማያዊ ማዕበል በረድን ኣብ ኣንጎሎ ህንፀኦም ዝተፀጉዑን ብምፅራግ ይሓግዙ ወይ ድማ ንሓገዝ ዘድልዮም ጎረባብቲ ሓገዞም ይሃቡ።

# ቁልጡፍ ቲፓት ወቕቲ ኽረምቲ

## አከዳድና ኽረምቲ



## ንገረቤቶም ይሐግዙ፡

- መንገዲ ይፅረጉ
- ግሮሰሪታት፣ አቕርቦታት



## SDOT በረድ ካብ ቀንዲ መንገዲታት ይፀርግ



## ካብ ቖፅሊ፣ በረድን ነፃ ዝኾነ መንገዲ



## አብ እዋን በረድ ዝገዓዝ ባስ ናይ ግዘ ሰሌዳ፣ ይፍለጡ ነቲ ባስ ይጠቐሙ




## ትንበያ ኩነታት አየር ይስምዑ



## “ዝተዓፀወ መንገዲ” ንዝብሉ ምልክታት የኽብሩ




## መኪና፡

- አብ በረድ ቦታ አድላይ እንተደአ ኾይኑ ጥራሕ የሽከርክሩ
- ነቲ መስኮት ይፅረጉ
- ንናይ መኪና ጎማን አካላትን ዝግጁ ይግበሩ
- ብቖስታ የሽከርክሩ
- አብ መንጎ መኪናታት ብቑዕ ቦታ ይግደፉ

# መፍትሕ ካርታ

**ወርቂ**
ኩሎም መጎዓዚ መንገድታት ካብ በረድ ነፃ እዮም

**ኤመራልድ**
ሓደ መጉዓዚ መንገዲ ኣብ ሕድሕድ ኣንፈት ካብ በረድ ነፃ እዩ

ዕላማና እዞም ፅርግያታት ካብ ማዕበል ዝወቕዐሉ ሰዓት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 12 ሰዓታት ንምፅራግ እዩ።



# ከመይ ናይ በረድ
# መንገዲ ከምንመርፅ

ኣብ እዋን ዓብይ ማዕበል በረድ፣ 1200 ማይል ዝንውሓቶም ወሰንቲ ፅርግያ ሲያትል ከም ሆስፒታል፣ ትምህርቲ ቤት፣ ሓደጋ ግዜ ኣገልግሎት፣ መፅለልን፣ ዋና ስራሕ መስራሕቲን መንገዲታት ምሕራስ ነቐድም።

ኣብ ኩሉ ቦታ ብሓደግዜ ክንህሉ ኣይንኽእልን፣ ከምኡውን ብዙሓት ፅርግያታት ብድሕንነት ንምሕራስ ኣፀገምቲ እዮም። ዕቀበታት ዓበይቲ ፈተናታት እዮም፣ ንሓረስቲ ድማ ብኡ ንምሕላፍ ዝኣክል ቦታ ስለዘየለ መኪና ከየባላሽኻን ኣብ ትሕቲ በረድ ከይቀበርካን ምሕላፍ ዘይካኣል እዩ።

እቲ ናይ ግዝኣት ዋሺንግተን ዲፓርትመንት ትራንስፖርት (Washington State Department of Transportation)ናይቲ ግዝኣት ኣውራ መንገድታትን (highways) ነፃ መንገድታትን (freeways) ምሕራስ ሓላፍነት ኣለዎ። ምስ ስቴት ናይ ስራሕ ምትሕግጋዝ ብምግባር፡ ጽቡቕ መደብ ከምዝህልወና ኮይኑ ዉሑስነት ዘሎዎ ምንቅስቓስ ክህልወኩም ንገብር ።

